# ክልተ ውጽኢታዊ ሕክምና፦

## መምርሒ ንኢክዘማ ዓርሰ-ክንክን

- ንኢክዘማ ኽልተ ቐንዲ ሕክምና ኣሎ
- ኢክዘማ ብእተፈላለየ መገዲ ንኽትቆጻጸርዎ ስለ ዝሕግዝ ክልቲኡ ኣድላዪ እዩ

Eczema Care Online
ብኢንተርነት ዚግበር ምክንኻን ኢክዘማ

**ንኢክዘማ ክትቆጻጸሩሉ እትኽእሉሉ ተወሳኺ መገድታት በዚ ዝስዕብ መሓበሪ ፍለጡ -**

EczemaCareOnline.org.uk

### ኢሞሊየንትስ
## ጠሊ ዘለዎም ክሬማት

**ስለምንታይ ?** ማይ ኣብ ቈርበትኩም ብምዕጻውን ነቲ ቆርበት ከበላሸዉ ዝኽእሉ ነገራት ብምሕላውን **ነቲ ዚነድድ ነገራት ነክይዎ።**

**ዓይነት** **ሎሽን ክሬም ጀል ወይ ድማ ቅብኢ ኽትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።** ኵሉ ዓይነት ነገራት ብማዕረ ውጽኢታዊ እኳ እንተኾነ ካልእ ዓይነት ነገር ግና ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም ። ንዓኹም ቅኑዕ ዝኾነ ምረጹ ፦ www.bristol.ac.uk/eczema

**ኣበይ?** **ኣብ ምሉኡ** ኣካላትና ኽንጥቀመሉ ንኽእል ኢና ።

**መዓስ ?** **መዓልታዊ** ኣብ ቈርበኹም ተጠቐሙ። ኢክዘማ ክነድድ ከሎን ቈርበቱ ኻብ ኢክዘማ ክጸሪ ኸሎን ጠሊ ዘለዎም ክሬማት ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

**ውሑስ ድዩ?** **እወ ።** ሓድሓደ ግዜ ሰባት ፈለማ ክጥቀሙ ኸለዉ  ከቓጽሎም ይኽእል እዩ: እዚ ግና ድሕሪ ሓጺር እዋን ክፍታሕ ኣለዎ።

### ኣርእስቲ ኮርቲኮስተሮይድ
## ምንዳድ ንምቍጽጻር ዝሕግዙ ክሬማት

**ስለምንታይ ?** ቈርበትኩም ኻብቲ ልሙድ ንላዕሊ ዘቑስል ወይ ዘሕክኽ እንተ ኾይኑ ነቲ **ምንዳድ ሓክምዎ`** ።

**ዓይነት** **ክሬማት ወይ ቅብኢ ኽትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።** ፈኲስ ኢክዘማ መብዛሕትኡ ግዜ ብፈኲስ መቈጻጸሪ ክሬም ክተሓዝ ኣለዎ። ሚዛኑ ዝሓለወ ወይ ከቢድ ኢክዘማ ወይ ኢክዘማ ክመሓየሽ ተዘይከኣለ ዝሓየለ ናይ ምንዳድ መቈጻጸሪ ክሬም ኣድላይ እዩ ።

**ኣበይ?** ኣብ እዋን ምንዳድ ነቲ ኢክዘማ ዝነድድ ከባቢ ንምሽፋን ረቂቕ ቀጸላ ተጠቐሙ። ንተፈላለየ ኽፍልታት ኣካላትኩም ንኣብነት ኣብ ገጽኩም ተፈላለየ ዓይነት የድልየኩም ይኸውን።

**መዓስ ?** **ነቲ ባርዕ ቀልጢፍኩም ምእንቲ ኽትቈጻጸሩዎ** ኣብ መዓልቲ ሓንሳእ ምጥቃም ጀምሩ። ነቲ ምንዳድ ምስ ተቘጻጸርኩም ተወሳኺ ክልተ መዓልቲ ተጠቐሙሉ። ንልዕሊ 4 ሰሙን ትጥቀመሉ እንተ ኣሊኹም (ወይ ድማ ንቆልዑ ክልተ ሰሙን) ብዛዕባ እዚ ምስ ሓኪምኩም ተመያየጡ ።

**ውሑስ ድዩ?** **እወ ።** ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መምርሒታት ክትስዕቡ ከለኹም ንምንዳድ ምቍጽጻር ዝሕግዝ ክሬማት ሓደጋ የብሉን። ሕክምና እንተ ዘይተገይሩሉ እቲ ኣብ ኢክዘማ ዝርአ ምንዳድ ናብ ዝኸፍአ ጸገማት ከምርሕ ይኽእል እዩ።

Eczema Care Online
ብኢንተርነት ዚግበር ምክንኻን ኢክዘማ

# ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ንኢክዘማ ክትቆጻጸሩሉ እትኽእሉሉ ተወሳኺ መገድታት በዚ ዝስዕብ መሐበሪ ፍለጡ -**

**EczemaCareOnline.org.uk**

## 1. እዚ መምርሒ እዚ ንመን እዩ ?

እዚ መምርሒ እዚ ሰብ ሞያ ኽንክን ጥዕና ብዛዕባ እቲ ኢክዘማ ዝበሃል ሕክምና ንሕሙማትን ንወለዲ እቶም ኢክዘማ ዘለዎም ቈልዑን ኣብ መርትዖ እተመርኰሰ ሓበሬታ ንኸካፍልዎም ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ።
እዚ ሕክምና እዚ ኣብ ኵሉ ኽሊ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ግቡእ እዩ ። ዕላማኡ ኣብ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም (GP) መጥባሕትታትን ፋርማሲታትን ንኽትጥቀመሉ ዝተዳለወ እዩ።

## 2. እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ እንታይ መርትዖ እተመርኰሰ እዩ ?

እዚ ሓበሬታ እዚ ሰብ ሞያ ኽንክን ጥዕናን ኣብ እተገብረ ብሉጽ ድግማ እተመርኰሰ እዩ። (ኮክሬን ሪቪውስ ተባሂሉ ዝፍለጥ) ኣብ ካልእ ኣገዳሲ መርትዖታት ሕክምና ከምኡውን ኣብ ሕሙማትን ወለድን ነቲ ኣብ ምርምር እተጠቕሰ ወረቓቕቲ ርኸብዎ -
eczemacareonline.org.uk/en/two-treatments-documents

## 3. ነዚ ሜላ እዚ ኽጥቀመሉ እንተ ኣተሓሳሲቡኒኸ ?

እዚ ዓይነት ሕክምና እዚ ሓደ ኻብቲ ንኢክዘማ ንምቍጽጻር ብብዝሒ ዝዝውተርን ዘተኣማምንን ውጽኢታውን መገድታት እኳ እንተ ዀነ ንኵሉ ሰብ ዝበቅዕ ከይከውን ይኽእል እዩ ። ዘተሓሳስበኩም ነገር እንተ ሃልይኩም ወይ ዝዀነ ይኹን ጕዳኢ ሳዕቤናት እንተ ኣጋጢምኩም ካብ ሓኪምኩም ወይ ሓኪም ፋርማሲ ሓገዝ ድለዩ።

## 4. እዚ ሜላ እዚ ንኢክዘማ እንተ ዘይተቈጻጸሮኸ?

ክትቆጻጸርዎ ዘጸግመኩም ተደጋጋሚ ምንዳድ እንተ ሃልይኩም ብዛዕባ እዚ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕናኹም ተመያየጡ። ካብዘም ዝስዕቡ ምርሓቕኩም ክጠቕመኩም ይኽእል እዩ ንኢክዘማ ዘጋድዱ እተፈላለየ ሕክምና ዝግበረሉ ወይ ከኣ ኣብ ሰሙን ክልተ ሳዕ ክትቆጻጸርዎ እትኽእሉሉ ክሬማት ተጠቒምኩም ኣብ መጻኢ ምእንቲ ምንዳድ ከየጋጥም። ዝያዳ ሓበሬታታት ብዛዕባ ካልኦት ሜላታት ኣብ ኢክዘማ ክንክን ኦንላይን መሳርሒ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

University of Southampton
University of Nottingham UK | CHINA | MALAYSIA
Solent NHS Trust
NIHR National Institute for Health Research